# <u>*ሃገር ዝተፍኣም ዑሩቓት።*</u>

ህዝባዊ ግንባር ብረታዊ ቃልሲ ምንቲ ሙሉእ ነጻነት ኤርትራ ክቃለስ ከሎ ነጻነት ከም እትመጽእ ተጠራጢሩ ኣይፈልጥን። መዓስ ከምእትመጽእ ብዕለትን ወርሕን ዓመተምህረትን እዚኣ እያ ኢሉ እኳ እንተዘይወሰነ፡ ካብዚ ግዜ'ዚ ኣይትሓልፍን ዝብል እምንቶ ግን ኔሩዎ እዩ። ካብቲ ዝበሎ'ውን ኣይሓለፈትን። ነጻነት ከትመጽእ ምኽና ስለ ዝኣመነ ከሎ ገና ኣብቲ ጽንኩር ናይ ቃልሲ መድረኽ ኣብ በረኻታት ሳሕልን ተቐበልቲ ሕድሪ ዝኾኑ ህጻናት ኣብ በዓትታትን ጽላል ዓዳይ የምህር ከም ዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮ እዩ። ምኽንያቱ ነጻነት ብዘይ ምሁር ሰብኣዊ ዓቕሚ መርገም ክኸውን ከም ዝኽእል ስለ ዝተገንዘበ። ብዙሓት ካብቶም ዘምሃሮም ዝነበረ ህጻናት ብነፈርቲ ውግእ ኢትዮጵያ ክቡር ደሞም ፈሲሶ ግዳይ መስዋእቲ ኮይኖም እዮም።

እቲ ዝተሓልፈ ተሞኩሮ በቶም ተሪፎም ዘለዉ ኣብኡ ዝተማህሩን ዝመሃሩን ክዝንቶ ስለ ዝግብኦ ንዕኦም ንገድፎ። ካብቲ ዘሎና ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ተበጊስና ግን ዓላማን መደብን ህዝባዊ ግንባር ከምይ ከምዝነበረ በቲ በብእዋኑ ዓቕሚ ኤርትራዊ መንእሰይ ብፍልጠት (ትምህርቲ) ንምዕባይ ዝወሰዶን ዝወስዶ ዘሎን ስጉምቲ ኣጸቢቕና ክንዕዘብ ንኽእል። ኣብ መንእሰያት ጥራሕ ከይተወሰነ ኩሉ ኤርትራዊ ክጽሕፍን ከንብብን ኣሎዎ ካብ ዝብል ተበግሶ ሎሚ ኣብ ሕብረተሰብና ከከም ዓቕሙ ፍልጠት (ትምህርቲ) ዘይቀሰመ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል።

መንግስትና ካብቲ ኣዝዩ ውሑድ ባጀቱ ንትምህርቲ ምስቶም ቀዳምነታት ብምስራዕ መንእሰይ ኤርትራ ፍልጠት ንክዓጥቕ ኣብ ፈቁዶ ቦታታት ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃታት ዘለዎም ቤት ትምህርትታት ብምውዳድ ህዝቡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያቱ የምህር ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብዘይ ለላ ጉለላ ንወጻኢ እናሰደደ ብዙሓት መንእሰያት የምህር ኣሎ። ወዲ ኣየናይ መራሒ እዩ ኣብ ኤርትራ ቀዳምነት ዝተዋህቦ? ደቂ መራሕቲ ሃገራት ኣብ ከባቢና ዘለዉ ኣሜሪካ፡ ሎንዶን፡ ቻይናን ካልኦት ሃገራት ብገንዘብ ህዝቢ ተላኢኾም ክመሃሩ ከለዉ፡ መንግስቲ ኤርትራ (መራሕትና) ግን ደቃውቶም ከም ሰቦም እዮም። ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ፡ ሳዋ ክይዶም ጉቡኦም የማልኡ፡ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ከኣ ይምደቡ።

እቲ ዘሕዝን ጉዳይ እንተሎ ግን ካብቶም መንግስቲ ንወጻኢ ከይዶም ክመሃሩ ዝለኣኾም እሞኽኣ ደቂ ስዉኣት ትምህርቶም ድሕሪ ምጭራሶም ዝኣተዉዎ መብጽዓ ጠሊሞም ነቲ ዘምሃሮም መንግስትን ህዝብን ብሓደ ክልተ ከድዓት ተመሪሖም ጸረ መንግስትን ህዝብን ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራን ደው ብምባል መሳርሒ ቀተልቲ ኣሕዋቶም (ወያነ) ሙኻኖም እዩ። **<u>ጀጋኑ ጅግና ዝወልዱ ውሑዳት እዮም።</u>** እቶም ጀጋኑ ሰማኣታትና ዝዎሎዱዎም ፈራታት መሳርሒ ጃንዳ ኮይኖም ክትርኢ ከሎኻ ብጣዕሚ የሕዝን። ባዕሎም እዚ ተበዲልና ዝብሉዎ ነገራት የብሎምን። እንታይድኣ ዝሓከለ ቤተሰቦም ምስ ዝህሉ ምክንያቱ ከይ ሓተቱ በቲ ድሑር ወገናዊ ዝንባሊኡ ተበኪሎም ግዙኣቱ ይኾኑ። ዝተዓመተ ዓይኒ ወይ ዝጸመመ እዝኒ የብልናን። እንታይ ይበሃል እንታይ ይርኤ ኩሉ ንፈልጦ ኢና። ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ቤተ ሰቦም ንኤርትራ ሳንቲም ዘየበርከቱ፡ ንሓንቲ ስድራ ስዉእ ንሓንቲ ለይቲ ዘይዓንገሉ፡ ነቶም ብገንዘብ ሓፋሽ ክመሃሩ መንግስቲ ዝለኣኾም ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ከምዝጠልሙ ዝገበሩዎም እዮም ሎሚ ንመንግስቲ ኤርትራ ዘጸልሙ ዘለዉ። ብፍላይ ከኣ ንህግደፍ። ግደ ሓቂ ክንዛረብ ህግደፍ እንተዘይነብር እዞም ሰባት (መንእሰያት) እቲ ዝረኸቡዎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ኣይምረኸቡን።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ህግደፍ ከምቲ ንሳቶም ዘጸልሙዎ እንተዝኸውን ኔሩ፡ ደቁን ደቂ ቤተ-ሰቡን ብገንዘብ ሃገር ንወጻኢ ሊኢኹ መምሃረ ኔሩ። ከምዚ ጉጅላዊ መንግስቲ ወያነ ዝገብሮ ዘሎ። ህግደፍ ነቶም ጥቕሚ ሓፋሽ ኣብ ገዛእ ረብሕኦም ከውዕሉ ዝደልዩ ከድዓት ድልየቶም ስለ ዝገትኤ ከማርሩ ናይ ግድን እዩ። እቶም ዘምሃሮም ኣንጻሩ ደው ክብሉ ግን ድንቁርና እዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ህግደፍ ኣይኾነን። ግን ነቲ ህግደፍ ዝኽተሎ ዓላማ ይስዕብ። ምኽንያቱ ህግደፍ ንነብሱን ንኣባላቱን ትሕቲ ህዝቢ ድኣንበር ልዕሊ ህዝቢ ጌሩ ስለ ዘይወስዳ። ኣብ ተግባር ድኣምበር ኣብ ሃተውተው ስለ ዘይኣምን። ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ድእንበር ንብሕታዊ ረብሕኡ ስለ ዘይሰርሕ። ኣብ ማእከል ሃገር ምስ ህዝቡ ዝነብር

ድኣንበር ንህዝቡ ብማዕዶ ዝመርሕ ኣይኮነን። ኣብ ግዜ ክተት ምስ ቀዳሞት ዝስለፍ ድእንበር ብድህሪት ኮይኑ ተእዛዝ ዘመሓላልፍ ኣይኮነን።

መትከል ህግደፍ ትማሊ ድህሪ ነጻነት ዝተነድፈ ፖሎቲካዊ ንድፊ ኣይኮነን። ኩልና ዘይንኽሕዶ ህዝባዊ ግንባር ዘስደምም ቅያ ሰሪሑ ነጻነት ዘምጽኤ ውድብ ምኳኑ ሎሚ ዝጸልኡ ይኹን ዝፈትዎ ዝኣምኖ ሓቂ እዩ። እዚ ውድብ'ዚ ቅኑዕ መትከል ስለ ዝነበሮ ከም እተዓወተ ኩሉ ኤርትራዊ ጥራሕ ዘይኮነ ዓለም ብሙሉኡ ዝኣመነሉ እዩ። እዞም ሎሚ ሃገር ብተወፋይነት ዘገልግሉ ዘለዉ መራሕቲ ሰልፊ ህግደፍ እዮም ትማሊ ህዝባዊ ግንባር መሪሖም ሃገር ነጻነታ ኣብ ምርካብ ዝተቓለሱ። እዚ ታሪኽ'ዚ ዝፈተወ ኣየዳምቖ፡ ዝጸልኤ ኣይሓኮ። ብተረኽቲ ዓለምና ተመዝጊቡ ንዘልኣለም ዝነብር ሓደ ክፋል ታሪኽ ሰውራታት ዓለም እዩ። ከም ካልኦት ሰውራታት ዘይኮነ ብዘይ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ንጸላኢ ብንብረቱን ብብረቱን ኢሉ ዝመከተን ዝተዓወተን ግንባር እዩ።

ናይ ሓሳብ ስንኩላት ዝብሉዎ ሓደ ነገር ኣሎ። ህግደፍ ብዛዕባ ኣባላቱ እንተዘይኮይኑ ብዛዕባ ህዝቢ ኣይግደስን እዩ ዝብሉ ሃሱሳት'ውን ኣይተሳኣኑን። ለባም ሓታቲ ከንደይ ካብ ኣባብላት ህግደፍ እዮም ሕልፊ ህዝቢ ረብሓ ዝተዋህቦም ኢሉ ምስ ዝሓትት እቲ መልሲ እንታይ ኮን ምኾነ? እቶም ንጸለመ ሓሶት ዝተዓጥቁ ኩሎም ምበሉ። እቲ ሓቂ ግን ረብሕኦም ዘናድዩ ኣይነበሩን ማለት ኣይኮነን። ከንደይ ኣስቂጣ ህግደፍ ዝነበረት ዝሓከለት ኣላንድያ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ንብረት ኣጥርዩ ዘሎ መብዛሕትኡ ጸረ ኤርትራ ደው ኢሉ ዘሎ'ዩ። ብስርቒ ብስም ስድራበቱ እና ኣስርሔ ግብሪ (2%) ከይከፈለ ዘጥረየ ካብ ዓይኒ መንግስትን ህዝብን ስዉር ኣይኮነን። ግን ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ ስራሕ "መንግስቲ ብትዕግስቲ" ኣብ ግዜና ከኣ ኣካይዳ ሻዕብያ ከም ጎብየ እንብሎ፡ ኩሉ መዓልቱ ምስ በጽሔ ኣብ መመስመሩ ክኣቱ እዩ። እንተ ኣባብላት እህግደፍ ግን እንትርፎ ውሑዳት ኣጋጣሚ ዝረኸቡ እንተዘይኮይኖም ንዓዲ ገሹ ምስ ቤተሰቡ ተቓራቒሩ/ራ እዮም ዘሕልፍዎ።

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ደገ ዘለዋ ፖሎቲኻዊ ሰልፍታት እናተባህለ ክዝረብ ወይ'ውን ኣብ መርበብ ሓበረታታት ክጸሓፍን ንጸምዕን ነንብብን። ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ዝበሃላ የለዋን። ኣውራጃውያን ሃይማኖታውያን ጉጅለታት ኣለዋ። ኣብ ውሽጠን ብእንዳታት፡ ቀቢላታት፡ ዓድታት፡ ወረዳታት፡ ብሕታዊ ጥቕምታት ወዘተ..... ዝተጎጃጀላ እየን። ከምቲ ምሳሌ ሃገርና "ኣኽላባት ኣብ ዓጽሚ ይበኣሱ፡ ጸላኢ ምስ ዝመጾም ብሓባር ይነብሑ" ዝበሓል ፡ እዘን ጉጅለታት ከኣ ኮምኡ እየን። ህግደፍ ዝብል ስም ምስ ዝሰምዓ ከም መስቀል ዝረእየ ሰይጣን ይብህርራ። ክራገማ ይውዕላን ይሓድራን። ህድእ ምስ በላ ኸኣ ኣብ ነንሕድሕደን ይመናጨታ።

**<u>ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ክህልዋ፡</u>**

1) ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተመስረታን ዝነብራን ክኾና ኣለወን።
2) ንጹር ፖሎቲካዊ ኣቓም ዘለወን ብሕጊ ነቲ ዘሎ መንግስት ብጹሑፍ ክቕርባ ኣለወን።
3) ካብ ዝኾነ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ዓሌታዊ፡ ወገናዊ ፡ብሓፈሻ ካብ ኩሉ ድሑር ዝንባለ ኣተሓሳስባን ነጻ ንህዝቢ ብማዕረ ዘገልግላ ክኾና ኣለወን።
4) ኣብ ኩሉ ብመንግስቲ ዝወጸ መደባት ሃገራዊ ዕማማት ዝሰርሓን ዝሳተፈን ክኾና ኣለወን።
5) ይፍተዋ ኣይፍተዋ ጸረ ሃገራዊ ተጻብኦታት ዝምክታ ክኾና ኣለወን።
6) ተቓውምኤን ብንጹርን ጭቡጥን መልኽዕ ዘቕርባ ክኾና ኣለወን።
7) መሪሕነተን ካብ ዝኾነ ኣድልዎ፡ በለጽ፡ ነሓፍነት፡ ብልሽውናን ነጻ ክኾኑ ኣለዎም።
8) ዝኾነ ናይ ወጻኢ ተጽዕኖን ኣምልኾን ዘይብለን ክኾና ይግባእ።
9) ብወጻእተኛታት ወይ ሃገራት ወይውን ሰልፍታት ዝምወላ ክኾና የብለንን።

ስለዚ እዘን ካብዚ ኣብላዕሊ ዘሎ ሕግታት ሓንቲ ዘየማልኣ ባዕላተን ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ኢለን ዝሰመያ ከይንጋገ ንሰን ዝበልኦ ኣይንድገም። እንኳይዶ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ተባሂለን ክጽውዓስ ዑቁባት ክኾና ዘይበቕዓ ንዓመታት ዝዓሰዋ ጉጅለታት ኣብ ምድንጋር መንእሰያትናን ግሩሃት ትሑት ንቕሓት ዝውኑኑ ኣካል ሕብረተ ሰብናን ኣብ ምትላል ዝተዋፈራ እየን። ጉዳያት ቦቦታኦም ምስ ሓዙ እተን ንኹሉ ዘማልኣ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ኣብ ውሽጢ ኤሪትራ ከም ዝፍጠራ ዝጠራጠር ኤርትራዊ ክህሉ ኣይግባእን። ህዝባዊ ግንባር ተደላይነት ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ገና ጨሪ ነጻነት ኣብ ዘይተራእየሉ እዋን ከም ሕጊ ኣቑምዎ እዩ። ተጻብኦታት ተኸታቲሎም እናመጹ ከለዉ ንስለ ጌረ መበሊ ክእውጅ ባህርያቱ ኣይኮነን።

ንእግሪ መንገደይ ለንቀነ እቶም ንሕሰም ህዝቢ ኤርትራ ምስ ስርዓት ወያኔ ኮይኖም ዝምነዩ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንምቁዋም ሰላማዊ ሰልፊ ክንገብር ተዳሊና ኣሎና እናበሉ ጫውጫው ክብሉ ቀንዮም ኣሎዉ። እቲ ጉዳይ ብወያነ ዝተማእዘነ ምዃኑ ፍሉጥ እንድዩ። እቲ ዘገርም ግን ወያኔ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒ ገንፊሉ ህዝቢ ንመሰሉን ሂወቱን ከድሕን ከም ቆፉኡ ዝተተንከፈ ንህቢ ተላዒሉ ንስርዓት ንህወደግ ጸሓዩ ኣብ ትዓርበሉ ሰዓት ኣብጺሑዋ ከሎ፡ እዞም ሕሱራት ባዕሎም ክብሮም ዝሸጡ ጸረ ጉንቦት-7ን፡ ደምህትን፡ ክጻረፉን ክውንጅሉን ምቕናዮም እዩ። ዎዮድኣ ነቲ መትከልን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ብጥምዙዝ ኣተራጉማ እናተርጎምዎ እምበር፡ ዋላውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ሰላማዊ ሰልፊ እንተገበሩ ካብ ተጠቢሮም ምኻድ ዘምጽእዎ ለውጢ የሎን። ክንደይ ዓመታት ዘይጋዓሩ። ኣብ ውሽጦም ንዕኦም ተመሲሎም፡ ብቛንቁኦም ዝዛረቡ ወየንቲ ከም ዘራጊቶ ዕንኪልል ከብሉዎምስ ሓደ መስተውዓሊ'ዶ ሲኢኖም። ሎሚ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃን ላቲን ኣሜሪካን ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣባልነተን እናሰሓባ ከለዋስ ናብዚ ብብልሽውና ዝተጨማለቐ ግዙእ ኣሜሪካ ዝኾነውድብ ሕቡራት መንግስታት ጸረ እታ ብግስግስንኣ ዝተመስከረላ ኤርትራ ሰላማዊ ሰልፊ ኢልካስ ኣይጥዕናን። ሌባስ ሓንሳብ ሌባ ምዃኑ ምስተፈልጠ ካብኡ ኣይሕለፉ ብጀካ ሌባ ምባል እንታይ ከይገብሩ ኢሉ ይበሃል፣ ክሳብ እታ መፈንጠራ ትረኽቦ። እዞም ናይ ሕጂ ተቛመርቲ ዝፈሸል ፈሺሉ፡ ኣብ ልቡ ዝምለስ ተመሊሱ፡ እቲ ንኤርትራ ኩቦ ዝደርበየላ ከኣ ብዘለዎ ክተርፍ እዩ። እዚ ነዊህ ግዜ ዝወስድ ኣይኾነን።

ሰማእታትና ንዘልኣለም ይዘከሩ።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።